www.EritreanRefugees.org

**14/12/2010**

# 61 ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ ምሸት ናብ ሳልሳይ ሃገር ክሰጋገሩ'ዮም፡፡

ንስርዓት ህግደፍ ራሕሪም ናብ ዝተፈላለዩ ጎሮባብቲ ሃገራት ዝስደዱ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ'ውን ኣየዕረፉን፡፡ ናብ ኢትዮጵያ ዝተሰዱ/ዝሰገሩ ቁጽሮም 53,767 ክበጽሕ ከሎ፡ ኣብ ሓሙሽተ መዕቆቢ ስደተኛታት፣ ማለት ኣብ ትግራይ፡ ሽመልባ፣ ማይ-ዓይኒ፣ ዓዲ-ሓሩሽ፡ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ዓፋር ድማ፡ ኣብ ኣስሓይታን በርሓለን ከምዘጽለሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝስደዱ ኤርትራው በብወርሒ ካብ 2,000 ንላዕሊ ዶብ ኣቋሪጾም ክኣትዉ ከለዉ ካብዚኣቶም ውሽጢ ካብ 40% ንላዕሊ ዝኾኑ ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ከምዝኾኑ'ውን ብተወሳኺ ክፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ፡፡

መስርሕ ምስግጋር ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ሳልሳይ ሃገር፡ ካብ 2006 ክሳብ መወዳእታ ወርሒ 2009 ዘሎ ግዜ፡ 5,822 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ከምዝተሰጋገሩ፡ ጸብጻብ ቤ/ጽሕፈት

ብዘይካዚ ብተወሳኺ ስደተኛታት ናብ ዝሓሸ ሃገር ተሰጋጊሮም፡ ናብርኦም ብዝሓሸ መንገዲ ክመርሕሉ ዝኽእሉሉ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ግደ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ስደተኛታት ድማ ዘይርሳዕ ረዚን ታሪኽ'ዩ፡፡ ብጻዕሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ን6,800 ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ዕድል ከምዝተዋህበ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና ዓመተ 2010፣ 3,100 ኤርትራውያን ስደተኛታት ክሰጋገሩ ተመዲቡ/ዕቅድ ወጺኡ፡ ክሳብ ሕጂ ድማ ምስዞም ናይ ሎሚ ምሸት ኣብ ምስግጋር ዝርከቡ 61 ኤርትራውያን ስደተኛታት ደሚርካ፣ 2,847 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ተሰጋጊሮም ይርከቡ፡፡ በዚ መሰረት ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመተ 2010፡ ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ንምስግጋር ዝተታሕዘ መደብ 90% ከምዝተፈጸመ መግለጺ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ይገልጽ፡፡

ሎሚ ዕለት ዝተፋነዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ ናይ መፋነዊ ግብጃ ጌርሎም፡፡ መስርሕ ምስግጋር ናብ ሳልሳይ ሃገር ምስ UNHCRን IOMን ብምትሕብባር እናተኻየደ ይርከብ፡፡

## ምስሊ ሎሚ ምሸት ካብ ዝፋነዉ የሕዋት ስደተኞታት ብኸፊል!!

